





# Orientation to Ontario

1-855-626-0002
https://orientationontario.ca

## ወግዒ ኣብ ህዝባዊ መጓዓዝያ

ኣብ ኦንታርዮ ዝርከባ ብዙሓት ማሕበረሰባት ህዝባዊ ስርዓት መጓዓዝያታ ማለት ባቡራት፡ ትሕቲ ምድሪ ዝኸይድ ባቡር፡ ፈጣን ባቡር ከተማ (LRT) ስትሪትካርስ እናተባህላ ዝጽውዓ ምስ ገመድ ኤሌትሪክ ከተማ ተላጊበን ዝኸዳ መጓዓዝያን ዓበይቲ ኣውቶቡሳት ከተማን ኣለዋኦ።

### ደው መበልን ፌርማታታትን

- ተሽከርከርቲ መጓዓዝያ፡ ኣብ ፌርማታት ወይ ምልክት ዝተግብረሉ ደው መበልን ደው ይብላ።
- ኩለን ተሽከርከርቲ መጓዓዝያ፡ ነታ ትቕጽል ደው መበሊት ፌርማታ ይሕብራን ኣብ ስክሪን የርእያን።
- ገለ ናይ መጓዓዝያ ደው መበሊታት፡ ናኣሽቱ መዕቆቢታት ክህልዎም ከሎ፡ ገለ ድማ ምልክታት ክህልዎም ይኽእል እዩ።
- መራሕቲ መጓዓዝያ (ኣውቲስታታት)፡ ኣብ ደው መበሊ ሰብ ክጽበ ምስ ዝዕዘቡ፡ ደው ክብሉ ኣለዎም።
- ተሳፈርቲ፡ መራሒ መኪና ደው ክብል መታን ክሓትዎ፡ ሞልጎም ክጥውቑ ወይ ነቲ ናይ ድምጺ ኣውታር ክስሕቡ ይኽእሉ።
- ናይ መጓዓዝያ ፌርማታት ዝበዝሕ ግዜ ናይ ባቡራት፡ ዓበይቲ ኣውቶቡሳት ከተማን ፈጣን ባቡር ከተማን (RTs) እዮም። መዕቆቢ፡ ኮፍ መበሊ፡ ሓበሬታ፡ ድኳናትን ህዝባዊ ዓይኒ ምድሪታት ድማ ኣለዎም።
- ባቡራትን ዓበይቲ ኣውቶቡሳት ከተማን፡ ዋላ ሓደ ሰብ ዝጽበ ኣይሃሉን ዝኾነ ሰብ ናይ ድው ጠለብ ኣየቕርብን፡ ንዝተወሰነ ግዜ፡ ኣብ ፌርማታታት ደው ይብላ እየን።

### መስመራት መጓዓዝያን  መደባትን

- ስርዓታት መጓዓዝያ መስመራት ዝተመደበሉ ኮይኑ - ካርታታትን መደባትን ድማ ኣብ ኦንላይን ኣ ፌርማታታትን ተዳልዮም ኣለዉ።
- መደባት ኣብ ቀዳመ-ሰንበትን በዓላትን ክቕየሩ ይኽእሉ እዮም።
- ስርዓታት መጓዓዝያ፡ ምድንጓያት ንምሕባር፡ ዌብሳይታቶም፡ ሬድዮን ማሕበራዊ መራኸቢታትን ይጥቀሙ።

Smartphone apps (ናይ ስማርትፎን ኣፕሊከሽን)፡ ጉዕዞኻ ክትውጥን፡ ንመደባት ከተረጋግጽን እታ ትስዕብ ተሽከርካሪት መዓስ ከም እትመጽእ ክትርእን ክሕግዘካ ይኽእል።.

Paying Your Fare (ናይ መጓዓዚ ቲኬት ምኽፋል)

- ናብ ተሽከርካሪት ምስ ደየብካ፡ እቲ ግቡእ መጠን ዋጋ መጓዓዚኻ ክፍል፣ ምኽንያቱ፡ መራሒ መኪና ማልስ ክህበካ ኣይክእልን'ዩ።
- ከይከፈልካ ክትጉዓዝ ሕጋዊ ኣይኮነን - እንተተረኺብካ ክትቅጻዕ ትኽእል ኢኻ።
- ትኬታት ወይ ባሊቃታት (tokens)፡ ኣብ ፌርማታታትን ኣብ ገለ ድኳናትን ግዛእ።
- ኣብ ሓንቲ መዓልቲ፡ ብዙሕ ግዜ መጓዓዝያ ክትጥቀም እንተ ወጢንካ፡ ናይ ምሉእ መዓልቲ ፍቓድ ወይ መሕለፊ ክትዕድግ ትኽእል ኢኻ።
- ናይ ሓሶት ቲኬት ወይ ዝተሰርቀ ካርድታት መታን ከይትቕበል፡ ናይ መጓዓዚ ቲኬትካ፡ ካብ ሕጋውያን ሽያጦ ዓድጎ።

### Transfers (ምስግጋራት ሕሳብ)

- ናይ መጓዓዝያ ቲኪትካ ምስ ዓደግካ፡ ካብ'ታ ማሽን ወይ ካብ'ቲ መራሒ መኪና፡ ናይ ምስጋር ወረቐት ተቐበል፣ ምኽንያቱ፡ ናብ ካልእ ኣውቶቡስ'ውን ምእንቲ ከተሰጋግሮ።
- Riding Public Transit (ብህዝባዊ መጓዓዝያ ምጉዓዝ)፡ ኣብ ልዕሊ ሰራሕተኛታት መጓዓዝያ ኣኽብሮት ይሃሉኻን ነዞም ዝስዕብ ክብርታት ተኸተልን፡
- ንኽትስቀል መስመርካ ሓሊኻ ተጸበ፡ ከምኡ ድማ፡ ነቶም ዝወርዱ ሰባት ቀዳምነት ሃቦም።
- ናብ ዝተጨናነቐ ወይ ተሽከርከርቲ ዝበዝሕኦ ፌርማታታት ደፊእካ ኣይትእቶ፣ ዝተሓንገጥካዮ ቦርሳኻ'ውን ኣይተውርዶ።





Funded by / Financé par

Ontario

Immigration, Refugees and Citizenship Canada

Immigration, Réfugiés et Citoyenneté Canada

- ናብ’ታ ተሽከርካሪት ምስ ኣተኻ፡ ካብ መዓጹ ኣልግስ።
- ኮፍ መበሊኻ ንዓበይቲ ሰባት፡ ነፍሰ-ጾራት፡ ስንክልና ዘለዎም ሰባትን ምስ ናእሽቱ ቆልዑ ዝጓዓዙ ሰባትን ሃቦም።
- ኣእጋርካን ቦርሳታትካን ኣብ ምድሪቤት ናይ’ታ ተሽከርካሪት ግበሮ።
- ሙዚቃ ንኽትሰምዕ መስምዒ እዝኒ ተጠቐም፣ ሃዲእካ’ውን ቴለፎን ተዛረብ።
- ጉሓፍካ ኣብ ተሽከርካሪት ኣይትግደፍ።
- ኣብ ውሽጢ ተሽከርከርቲ፡ ናይ መጓዓዝያ ደው መበሊ ወይ ፈርማታታት ኮይንካ ሽጋራ ከተትከኽ  ፍቑድ ኣይኮነን።

## Accessible Transit (ምቹእ መጓዓዝያ)

ኣብ ኦንታርዮ፡ ህዝባዊ ስርዓት መጓዓዝያ፡ ኣብ እዋን ጉዕዞ፡ ነቶም ስንክልና ዘለዎም እሞ፡ ዓረብያ ስንኩላን ዝጥቀሙ ሰባት ወይ ነቶም ካልኦት ናይ መንቀሳቐሲ ደገፋት ማለት ምርኩስ ስንኩላንን ክራቻስን ዝጥቀሙ ተጓዓዝቲ፡ ምቹኣት ተሽከርከርቲ ይቐርበሎም እዩ።

ብዘይካ’ዚ፡ ኣቐዲምካ ግድን ክትሓዙ ዘለዎም ፍሉያት ምቹኣት ኣገልግሎታት መጓዓዝያ እውን ኣለዉ። እቲ ክፍሊት ምስ ናይ’ቲ ከባቢ ህዝባዊ መጓዓዝያ ማዕረ’ኳ እንተኾነ፡ ተጓዓዝቲ ወይ ተሳፈርቲ ግና ነቲ ዝወሃቦም ኣገልግሎት ብቑዓት ክኾኑ ኣለዎም። ብዛዕባ ምቹእ መጓዓዝያ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ምስ’ቲ ኣብ ከባቢኻ ዝርከብ ህዝባዊ መጓዓዝያ ርክብ ግበር።

## ምክራይ መኪና

ምክራይ መኪና

- ታክሲታት ብምምሕዳር’ዩ ምቁጽጻር ዝግበረለን፣ ከምኡ’ውን መራሕቲ መኪና፡ ፍቓድ ምምርሒኦም፣ ኣብ ውሽጢ’ታ ተሽከርካሪት ግድን ከምዝርኤ ክገብርዎ ኣለዎም። ታክሲ፡ ንዝተጓዓዝካዮ ርሕቀት ብኪሎ ሜትር ቀሚሩ ሕሳብ ዝንገር ሜትሮ ዝተባህለ መሳርሒ ይጥቀማ። ገለ ኣገልግሎታት ታክሲ፡ ንነዊሕ ጉዕዞ ቀዋሚ ክፍሊት የኽፍላ።
- ዓበይቲ ማሕበረሰባት፡ ከም Uber ን Lyft ዝተሰምዩ፡ ብስማርትፎን ጌርካ መራሒ መኪና ክትጠልብን ገንዘብ ክትከፍሎን ዕድል ዝህቡኻ፡ Ride Sharing (መካረዪ መኪና) ኣፕሊክሽን ኣለዎም። እዞም መራሕቲ መኪና እዚኣቶም ናይ ታክሲ ፍቓድ መምርሒ የብሎምን።

